መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ርህሩህ ሳምራዊ



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- M. Maillot; Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen; Sarah S.
ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣





"መምህር! ናይ ዘልኣለም ህይወት ንክረክብ'ሲ እንታይ ክገብር"፡ ነዚ ሕቶ ዝሓተተ ሰብኣይ ፈላጢ ሕጊ እዩ ዝነበረ፡ ንየሱስ ንክፍትኖ ድማ እዩ ከምኡ ዝበለ። "ኣብ ሕጊ'ስ እንታይ ተጽሒፉ ኣሎ?!" የሱስ ተመሊሱ ንዑኡ ሓተቶ። ንሱ ኸኣ "ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብሉእ ሓይልኻ ኣፍቅሮ፡ ንብጻይካ ድማ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ" በሎ። ድጊሙ ድማ "ግን መን እዩ ብጻየይ?!" ኢሉ ሓተተ።


የሱስ ድማ ሕቶኡ ንምምላስ፡ ናይ ሓደ ካብ ዮርሳሌም ናብ ያሪኮ ዝጉዓዝ ዝነበረ ሰብኣይ ታሪኽ ነገሮ። እቲ ሰብኣይ ኣብ መንገዲ ብከተርቲ ተቀጥቀጠ፡፡
3
እቶም ከተርቲ ንኹሉ ምስኡ ዝረከብዎ ንብረት፡ እቲ ምስኡ ዝነበረ ክዳውንቲ ከይተረፈ ወሰድሉ። ንሳቶም ክሳዕ ክመውት ዝደሊ ቀጥቂጦም ኣብ ሓደ ጸግዒ ናይቲ መንገዲ ደርቢምዎ ከዱ።
4
ዕድል ክገብር ሓደ ካህን ብኡኡ ይሓልፍ ነበረ። እቲ ቆሲሉ ዝነበረ ሰብኣይ እቲ ካህን ክሕግዞ ተስፋ ገይሩ ነበረ። ግን ኣይሓገዞን! ንሱ እቲ ቆሲሉ ዝነበረ ሰብኣይ ደም ክፈሶ
ምስ ርኣየ፡ በቲ ሓደ ጸግዒ
ናይቲ መንገዲ ተጸጊዑ ሓለፈ።
5
ድሒሩ ድማ ሓደ ሌዋዊ በቲ መንገዲ ይሓልፍ ነበረ። ንሱ ነቲ እቀዲሙ ዝሓለፈ ካህን ኣብቲ ቤት መቅደስ ዝሕግዞ ነበረ። ንሱ ነቲ ዝቆሰለ ሰብኣይ ከይዱ ርኣዮ እሞ ግን ከይሓገዞ ከደ!
6
ኣብ መወዳእታ ሓደ ሳምራዊ ሰብኣይ ካብ ርሑቅ መጺኡ ብኡኡ፡ በቲ መንገዲ ይሓልፍ ነበረ። ኣይሁድ ምስ ሳምራውያን ኣይፋተውን እዮም ነይሮም። እቶም ነቲ የሱስ ዝነግሮም ዝነበረ ታሪኽ ዝሰምዑ ዝነበሩ ሰባት እቲ
ሳምራዊ ክሕግዞ እዩ
ኢሎም ኣይሓሰቡን። እቲ ሳምራዊ ሰብኣይ ግን ሓገዞ! ካብቲ መገዱ ንክሕግዞ ኢሉ ጠጠው በለ!
7
እቲ ሳምራዊ ተንበርከኸ፡ ቀስ ገይሩ ድማ ፈውሲ ገይሩ ነቲ ቁስሉ ብጨርቂ ጠቅለሎ። ድሕሪ እዚ ድማ ኣብ ኣድጉ ጽዓኖ።
8
















እቲ ርህሩህ ሳምራዊ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ሊቃስ 10

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።″ መዝሙር 119፣130



# መፈጸምታ

46 60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16